መጽሓፍ IV

እንታይ ክትጽበዩ ከምዚለኩም

# ናይ ዑቕባ መመልከቲየይ



# እንኳዕ ደሓን መጻእኩም!

## እዚ ዛንታ ብዛዕባ ኣርባዕተ መንእሰያት እዩ — ልክዕ ከማኹም።

ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ናብ ኤውሮጳ ብሰላም በጺሖም ኣለዉ።
ገለ ካብቶም መንእሰያት ንበይኖም እዮም መጺኦም። ገለ ካብኣቶም ድማ ምስ ስድራ መጺኦም እዮም።
ብዙሕ ሕቶታት ኣለዎም — በቶም ኣብቲ ዝነብሩሉ ቦታ ዝሰርሑ ሰባት ድማ ይሕገዙ።

## እዚ ዛንታ እዚ ንዓኹም እውን ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ!

ዝስዕቡ ነገራት ድማ ክትመሃሩ ኢኹም፦

- እቲ መስርሕ ዑቕባ ማለት እንታይ ማለት ምዃኑ
- እንታይ ክትጽበዩ ከምዘለኩም
- ስለምንታይ ምስቶም ሓለፍቲ ክትተሓባበሩን ክትሰርሑን ኣድላዪ ከምዝኾነ
- መን ክሕግዘኩም ከምዝኽእል
- ብዛዕባ መሰላትኩም

ነዚ ዛንታ ብዝስዕብ ኣገባብ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፦

- ንበይንኹም
- ምስ መሓዛኹም
- ኣብዚ ምስ ዝሰርሕ ሰብ

## ዘድልየኩም ግዜ ውሰዱ። ተረጋጊእካ ደው ምባልን፣ ድሒርካ ናብኡ ምምላስን ጽቡቕ'ዩ።

ሓደ ነገር ንምርዳእ ኣጸጋሚ እንተ ኾይኑ፣ ሓደ ሰብ ንክገልጸልኩም ምሕታት ትኽእል ኢኻ።
ኣላዪኹም፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ወይ ጠበቓኻ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

### ኣብ መወዳእታ ዝስዕብ ክትረክቡ ኢኹም፦

- ናይቲ ከባቢ ሓበሬታ ዘለዎ ገጽ
- ናይ መዘናግዒ ሕቶታት
- ናይ ገዛእ ርእስኻ ሕቶታት ንክትጽሕፍን ጠቓምቲ መራኸቢ ክትውስኹሉን እትኽእሉሉ ቦታ

በይኖም ንዝመጹ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ኣላዪ ክምደብ እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት እቲ ኣላዪ ወኪል እውን ይበሃል እዩ።

ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ሃገራት ዑቕባ ምሕታት ኣህጉራዊ ሓለዋ ምሕታት እውን ይበሃል እዩ።

ኣብ መወዳእታ፣ ኣብቲ እትሓድሩሉ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝቐርብ ኣገልግሎታት ኩሉ ብነጻ ዝወሃብ ምዃኑ ኣስተውዕሉ።
ሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ገንዘብ እንተሓቲቱኩም፣ ምስ እትኣምንዎ ሓላፊ ወይ ኣላዪኹም ተዘራረቡ።

# ምስ ገጸ ባህርያት
# ናይዚ ዛንታ ተራኸቡ።

## መሓመድ



ዕድመይ 17 ዓመት እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሕጉስ እየ። ኣብ ዝከኣለኒ እዋን ንኣዕሩኽተይን ስድራይን ምሕጋዝ ደስ ይብለኒ።
ቅድሚ ገለ ሰሙናት በይነይ መጺአ ንኣባሓጎይ እየ ከኣ ዝደሊ ዘለኹ። ስራሕ ክጅምር ሃንቀውታ ኣለኒ።



## ኣሕመድ

ዕድመይ 15 ዓመት እዩ። ምስታ ኣዴና ካብ እትመውት ኣትሒዛ ክትከናኸነኒ ዝጸንሐት ዓባይ ሓፍተይ ጃስሚን እየ መጺአ። ምጽዋትን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ምፍጣርን ደስ ይብለኒ። ብሓቂ ብዝተኻእለኒ መጠን ቀልጢፈ ናብ ቤት ትምህርቲ ክምለስ እየ ዝደሊ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብዚ ቋንቋ እቲ ዓዲ ይመሃር ኣለኹ።

## ጃስሚን



ዕድመይ 24 ዓመት እዩ። ምስቲ ዓቕመይ ብዝኽኣሎ መጠን ዝከናኸኖ ኣሕመድ ሓወይ ሓቢረ እየ መጺአ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኢና መጺእና ምስቲ ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝነብር ንዝተወሰነ እዋን ዝጸንሐ ኣኮና ክንጽንበር ንፍትን ኣለና። ስፖርት እፈቱ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ድማ ኣዝየ ንፉዕ እየ።

## ኣዳም



ዕድመይ ፃ ዓመት እዩ። ኣብዚ በይነይ እየ ዘለኹ። ንሕጂ ግን ከይዛረብ ወሲነ ኣለኹ። ኣብዚ ቅድሚ ምብጻሐይ ብዙሕ ሕማቕ ነገራት ኣጋጢሙኒ። ቅድሚ ዳግማይ ምዝራበይ ገለ ግዜ የድልየኒ እዩ። ኣነ ግን በሊሕ እየ፣ ኩሉ ድማ ይርድኣኒ እዩ። ኣነ ብጣዕሚ ንፉዕ መዳመጺ እየ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ እየ ድማ ዝደሊ። ክሳብ ሕጂ ዝረኸብክዎም ሓደስቲ ኣዕሩኽ ኩሎም ደስ ይብሉኒ እዮም።



## ሚስ ኢነስ

ኣነ ኣብዚ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝሰርሕ ኣላዪ እየ። ንኹሎም ዑቕባ ዝሓተቱ ህጻናትን መንእሰያትን ብዝተኻእለኒ መጠን ክድግፍ እጽዕር። ኣነ ምግቢ ምብሳል ኣዝየ እየ ዝፈቱ፣ ኩሉ ሰብ ትሑዝን ንጡፍን ምስ ዝኸውን ድማ የሐጉሰኒ። ምንቅስቓስ ኣካላት ንኹላትና ንኣካላውን ኣእምሯውን ጥዕናና ይሕግዘና።

## ሚስተር ፍረድ


ኣነ ኣማኻሪ ሕጊ እየ፣ እዚ ድማ ሓደ ዓይነት ጠበቓ እዩ። ኣብዚ ምስ ብዙሓት ጽቡቕ ስልጠና ዝወሰዱ መሳርሕተይ ብሓባር እየ ዝሰርሕ።
ንኹሎም ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ሕጋዊ ጉዳያትን ኣብ ሕቶ ዑቕባኦምን ሓበሬታን ደገፍን እህብ። መልእኽቲ ዘለዎ ሕብራዊ ቲሸርት ምኽዳን ኣዝየ እየ ዝፈቱ።



ነቶም ነዚ ዛንታ ቅድሚ ምሕታሙ ዘንበቡን ክሳብ ክንድዚ ጽቡቕ ጌሩ ንኽውድእ ዝሓገዙን ሓተቲ ዑቕባ
መንእሰያት ዕዙዝ ምስጋና ነቕርብ።


ኣስማት ናይቶም ቀንዲ ገጸ ባህርያት ኣብ ምምራጽ እውን ሓጊዞም እዮም።

ነቶም ምስቶም መንእሰያት ንዝተገብረ ዘተ ዝደገፉ ሰበ-ስልጣን ማልታን ሆላንድን እውን ምስጋና ይግባእ ።



እቶ!
ASYLUM


ሰላም ሚስተር ፍረድ ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባ ዝያዳ ክንፈልጥ ንደሊ ኢና!
... ከምኡ’ውን ኣብ እዋን ውልቃዊ ቃለ መሕትት ዑቕባ እንታይ ከም ዘጋጥም ክንፈልጥ ንደሊ...
... ውሳነ ምስ ተቐበልካ ድማ...
ዋው፣ ብዙሕ ሕቶታት እዩ ዘለኩም! ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ክህበኩም እየ። ንኹነታትካ ዝምልከት ፍሉይ ዝርዝር ሓበሬታ እንደገና ሃበኒ እሞ ተወሳኺ ክነግረካ እየ።
ASYLUM


ASYLUM
ንዓኻ ውሑስ ስለዘይኮነካ ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተዘይክኢልካ ዑቕባ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
ኩሉ ሰብ ዑቕባ ናይ ምሕታት መሰል እኳ እንተሃለዋ ኩሉ ሰብ ግን ሓለዋ ኣይረክብን እዩ።
ሓለዋ ክትብል ከለኻ እንታይ ማለትካ እዩ?
ሓለዋ ማለት ኣብታ ዑቕባ ዝሓተትካላ ሃገር ክሳብ ዘድልየካ እዋን ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ ማለት እዩ።
ሓለዋ ንምርካብን ዘይምርካብን ኣብቲ ዓድኻ ውሑስ ኣይኮነትን ኢልካ እትኣምነሉ ምኽንያታት ዝምርኮስ እዩ። ንኣብነት...
ብሰንኪ እዞም ዝስዕቡ ባህርያት ወይ ኩነታት ትፈርሕ እንተኾንካ፡-
- ሕብሪ ቆርበትካ
- ሃይማኖትካ፣ ባህልኻ ወይ እትገብሮም ትውፊታት
- ብሄርካ
- ናትካ ወይ ናይ ስድራቤትካ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ
- ብሰንኪ እተፍቅሩዎን ሓቢርኩሞ ክትኮኑ እትደልዩዎ ሰብን
- ኣባል ዝኾንካዮ ግን ከኣ ተቐባልነት ዘይብሉ ጉጅለ


... ብተወሳኺ ኣብ ሃገርካ ኲናት
እንተሃልዩ እውን ሓለዋ ክትረክብ ትኽእል
ኢኻ ወይ ድማ እንተተመሊስካ ካልእ
ዓመጽ ዝመልኦ ኣተሓሕዛ ዝገጥመካ
እንተኾይኑ።
እዚኦም ሰባት ካብ ሃገሮም ክሃድሙ ዝገብሩ ገለ ኲነታት እዮም።
ስለዚ፣ ውሑስነት
እንተዘይብለ፣ ሃገረይ
ክትከላኸለኒ እንተዘይክኢላ
ወይ ክትከላኸለኒ
እንተዘይኮይና ዑቕባ ክሓትት
ይኽእል እየ?
ብትኽክል!
ኣብ ገለ ሃገራት ጓል ኣንስተይቲ ምኳን ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል
እዩ ምኽንያቱ ኣዋልድ ብናጽነት ክንቀሳቐሳ ስለዘይክእላ፣ ካብ
ትምህርቲ ክእገዳ ወይ ክምርዓዋ ይግደዳ፡ ብኣንጻሩ...
... ኣብ ካልኦት ሃገራት፣ ሰባት ብሰንኪ ሓደ ኲነታት ጥዕና
ወይ ብዘለዎም ስንክልና ምኽንያት ኣብ ሓደጋ ክወድቁ
ይኽእሉ እዮም።


... እህም... ቅድሚ ሕጂ ኢልካዮ ኢኻ - እቲ እተፍቅሮ ሰብ...
... ወዲ ተባዕታይ ኮይኑ ንኻልእ ሰብኣይ ከፍቅር ከሎ ወይ ሰበይቲ ንኻልእቲ ሰበይቲ ከተፍቅር ከላ ማለትካ ድዩ?
ብትኽክል!
ተወሳኺ ክትፈልጥ እንተደሊኻ ምስ ኣላዪኻ ተዘራረብ።
እሺ።
... እህም... ኣብዚ ዘለዉ መኮንናት ከመይ ጌሮም እዮም ብዛዕባ እዚ ኩሉ ሰባት ዘጋጥሞም ጸገማት ክፈልጡ ዝኽእሉ?
ASYLUM


እቶም ሓለፍቲ ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕባኻ ንምፍላጥ ብዙሕ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም። ዛንታኹም ኣካፍሉ።
ከምኡ እውን ዝኾነ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑን በይኖም ዝመጹን ህፃናት ካብ ዓበይቲ ንላዕሊ ደገፍ ስለዘድልዮም ብቕልጡፍ ነቶም ሓለፍቲ ክነግሮም ይግባእ።
ድሕሪኡ፣ ግዝያዊ ኣላዪ ክምደበልካ እዩ። ዑቕባ ምስ ሓተትኩም ኣብ ውሽጢ 3 ሰሙን ቀዋሚ ኣላዪ ንክድግፈኩም ይምደበልኩም።
እቶም ምሳኻ ዘዕልሉኻ መኮንናት ዝሰልጠኑ ስለዝኾኑ ንከጸናንዑኻ ዝከኣሎም ክጽዕሩ እዮም።
ኣገደስቲ ውሳነታት ቅድሚ ምውሳዶም ድሌታትካን ስክፍታታትካን ኣብ ግምት ከእትዉ ይፍትኑ። ኩነታትካ ብዝበለጸ ንምርዳእ እውን ብዛዕባ ሃገርካ የንብቡ እዮም።



እዚ ድማ እንተላይ እቶም ኣብዚ ስድራቤት ዘለዎም ሓዊሰካ ንረብሓ ኩሎም ቆልዑ ንምርግጋጽ እዩ።
... ኮይኑ ግና ኩሉ ግዜ ብኹሉ ውሳኔታት ሕጉስ ኣይትኾውንን ትኾውን።
ብሰንኪ ሕጽረት ቋንቋ ናይ ምርድዳእ ጸገም እንተሃልዩካ ተርጓሚ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
ናይ መወዳእታ ነጥቢ፣ ዑቕባ ምሕታት ሕቶ ዑቕባ ምቕራብ እውን ይበሃል እዩ።
ASYLUM
...ድሕሪኡ እንታይ ይኾውን?


ብዝምልከቶ ኣካል ክትምዝገቡ፣ ሰእልኹምን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ይውሰድ ከምኡ'ውን...
ASYLUM
... ሰነዳትካ፣ ሽምካ፣ ዕለተ ልደትካ፣ ሕቶታት ብዛዕባ ሰድራኻን ካልእን ክሓቱኻ እዮም።
ምምዝጋብካ ኣብ ሕቶ ዑቕባኻ ውሳነ ክሳብ ዝውሰድ ኣብዚ ንክትጸንሕ የኽእለካ።
ንስኻ ኣብዚ ዉሑስነት ኣለካ
ንኽምዝገብ ክንደይ ግዜ ይወሰድ?
ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ክትምዝገብ ኣለካ፣ ካብ 10 መዓልታት ኣብ ዘይሓልፍ ግዜ ውሽጢ።
ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ብዙሓት ሰባት ዑቕባ እንተሓቲቶም ክሳብ 2 ሰሙን ክወሰድ ይኽእል እዩ።


መመልከቲየይ 'ከቕርብ' ወይ 'ከእቱ' ኣለኒ ተባሂለ፣ እንታይ ማለት እዩ?
ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ወጺእካ ክትምለስ ከም ዘይትኽእል፣ ብዛዕባ ጉዕዞኻን ካልእን ዝርዝር ንከተካፍል ክትሕተት ኢኻ።
ካብ ሃገር ናብ ሃገር ንኣሽቱ ፍልልያት ኣለዉ። ኣብ ገሊኡ ምዝገባን ምቕራብን ኣብ ሓደ ኣኼባ ይፍጸም፣ ኣብ ገሊኡ ድማ በበይኑ ይፍጸም።
ምስቶም ሰበ-ሰልጣን ክልተ ግዜ እንተተራኺብካ...
.. ካብ ዝተመዝገብካሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 21 መዓልታት ሓበሬታኻ ናብ ኮምፒተር ሲስተም የእትዉ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ብዙሓት ሰባት እንተመጺኦም፣ ዝያዳ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።
3 x 7 = 2
... ከምኡ’ውን ምስ ወለዶም ዝመጹ ህጻናት ከከም ዕድሚኦም ኣብ ናይ ወለዶም ናይ ዑቕባ ሕቶ ክካተቱ ይኽእሉ።



ንኣላዪኻ ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ምስ ሰድራቤትካ እንተኾይንካን ብዛዕባ ዝተወሰኑ ነገራት ርግጸኛታት እንተዘይኮይናምን፣ ካብ ጠበቓ ሓገዝ ሕተት።
ኣብ ምሉእ እቲ ኣገባብ ዝገብርዎ ደገፍ ብነጻ ዝቐርብ እዩ።
ምስ ተመዝገብኩ ኣመልካቲ ምኳነይ ዝገልጽ ሰነድ ተዋሂቡኒ።
እወ። እዚ ሰነድ እዚ ዑቕባ ከም ዘመልከትካ ዘርኢ እዩ። ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዉሑስ ቦታ ኣቐምጦ።
ናተይ ስእለይ ኣልዒለ ኣብ ስልከይ ኣቐሚጠዮ...
ጽቡቕ ሰራሕ!



ሚስተር ፍረድ ኣቦሓጎይ ኣብዚ ኣብ ኤውሮጳ ኣሎ እዩ። ሕጂ ኣመልካቲ ሰለ ዝኾንኩ፣ ንክጽንበር ክገይሽ ይኽእል ድየ?
ገና እይኮነን። ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ቦታ ጽናሕ። እቶም ሰበ-ሰልጣን ምሳኻን ምስ ኣላይኻን ብሓባር ብምዃን፣ ምስኡ ክራኽቡኻ እንተኾይኖምን ብኸመይን ብዝምልከት ክውስኑ እዮም።
ASYLUM
ካብ ሓንቲ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ክትወጽእ ዓቢ ውሳነ ቅድሚ ምውሳድካ፣ ሳዕቤኑ ንምርዳእ ምስ ኣላዪኻ ወይ ምስ ጠበቓ ተዘራረብ።
...ከምኡ'ውን፣ ንበይንኻ ምጉዓዝ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል'ዩ!
ኣብዚ ክጸንሕ ከም ዘለኒ ይርድኣኒ እዩ።
ናይ ዑቕባ ቃለ መሕትትም ዝጽበዩ ሰባት ኣበይ ይድቅሱን መግቢ ይበልዑን?
ሰበ-ሰልጣን መቐበሊ ኣጋይሽ ዝበሃል ውሑሰን ምቹእን ክትሓድረሉ ዘለካ ቦታ ክህቡኻ ኣለዎም። መግብን ኣገደስቲ ነገራትን ብኸመይ ከም እትረክብ ክገልጹኻ እዮም።


ብተለምዶ ስድራቤት ዘለዎም ህጻናት ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ስድራቤት ይዓርፉ።
ማእክለ መንበሪ ኣባይቲ
ንበይኖም ዝመጹ ህጻናት ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ምስ ዝርከቡ ካልኦት ህጻናት ከከም ድሌታቶምን ክቕመጡ ይኽእሉ።
እቶም ሓለፍቲ ናይቲ ዓዲ ቋንቋታት ኣበይ ክትመሃሩ ከም እትኽእሉ...
... ኣብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ፣ ሰራሕ ምድላይ ወይ ኣድላዪ እንተኾይኑ ናብ ሓኪም ምኻድ ብዝምልከት ክሕብሩኹም እዮም።
ቃለ መሕትትካ እናተጸበኻ ትሑዝ ኩን እሞ ንዕኡ ንምድላው ሓገዝ ጠበቓ ወይ ኣላዪ ሕተት።
ጭንቀት፡ ውጥረት ወይ ፍርሒ እንተተሰሚዑካ፣ ንእትኣምኖ ሰብ ንገር። እቶም መኮንናት ክሕግዙኻ ዝኽእሉ እንታይ ከምዘሻቕለካ ምስ ዝፈልጡ ጥራይ እዩ።
ASYLUM



ንዓኻ፣ ኣላዪኻ ወይ ወሃቢ ክንክንካ ንቃለ መሕትት ዝኸውን ናይ ጽሑፍ ዕድመ ምስ ዕለት፣ ሰዓትን ቦታን፣ ብኢመይል ወይ ብፖስታ ክመጸኩም እዩ።
14h30
01/04
ኩሉ ትብሎ ምስጢራዊ እዩ፣ እዚ ማለት ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ኣይክካፈልን እዩ።
ኣብታ መዓልቲ እቲኣ እንተሓሚመ እንታይ ይኸውን?
እዚ ድማ ንስኻ ወይ ኣላዪኻ ብቕልጡፍ ንሰበ-ሰልጣን ክትሕብሩ ኣለኩም።
እህም... ኣብ እዋን ቃለ መሕትት ዑቕባ እንታይ እዩ ዝኸውን?
ኣብቲ ቃለ መሕትት ሓደ ‘ናይ ጉዳይ ሓላፊ’ ወይ ኦፊሰር ዝተባህለ ሰብ...
ብዛዕባ ስድራቤትካ፣ ኣብ ዓድኻ ዝነበረካ ህይወት፡ ኣብኡ ዘሎ ኩነታት ጸጥታ፣ ስለምንታይ ከም ዝወጻእካን ጉዕዞኻን ዝምልከቱ ሕቶታት ክሓተካ እዩ።


እህም... ነዚ ኩሉ ነገራት ምዝካር ወይ ምሕሳብ ቀሊል ኣይኮነን...
ይፈልጥ እየ፣ ከቢድ እዩ። እቶም ሓለፍቲ ግን ዝሰልጠኑ ስለዝኾኑ ክሕግዙኹም እዮም።
ሓደ ሰብ ቁሩብ ከም ፈተና ኮይኑ ተሰሚዑኒ ኢሉኒ።
ምስ ኣላዪኻ ወይ ጠበቓ ብምኳን ክትዳሎ ፈትን።
እሺ፣ ከምኡ ክገብር እየ። እቲ ቃለ መሕትት ክንደይ ግዜ ይጸንሕ?
ASYLUM
ብፍላይ ተርጓሚ እንተሃልዩ ቁሩብ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። እንተደኺምካ ዕረፍቲ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
ንሓደ ሕቶ ክምልስ እንተ ዘይክኢለኸ?
ዝከኣለካ ፈትን። ገለ ዝርዝራት እንተ ረሲዕካ ከም ዝረሳዕካዮ ሓብሮም። ብዝተኻእለኩም መጠን ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ኣብ ክንዲ ልክዕ ዕለታት፣ እዋን ሓጋይ ድዩ ወይስ ኣብ እዋን ዝኾነ በዓል ኢልካ ክተካፍል እውን ትኽእል ኢኻ።
ነገራት ፈጢርካ ኣይትዛረብ።


ኣብ መወዳእታ እቲ ሓላፊ ምሳኻ ንመልስታትካ መሰቀላዊ መርመራ ክገብረልካ እዩ። ቅኑዕ ኮይኑ ዘይረኸብዎ ነገር እንተሃልዩ ክእርምዎ ሕተቶም። ድሒርካ ለውጢ ክትገብር ኣጸጋሚ'ዩ።
ንታሪኸይ ዝድግፍ ደብዳቤታት፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ወይ ሕክምናዊ ጸብጻባትን ናይ ጋዜጣ ጽሑፋትን ሒዘ ክመጽእ ይኽእል ድየ?
ASYLUM
ብትኽክል!
...ካብ ኣዕሩኽተይ ወይ ቤተሰበይ ዝተውሃበ መግለጺታት ወይ ከም ናይ ልደተይ ምስክር ወረቐት ዝኣመሰሉ ሰነዳት ሰእልታትከ?
እወ፣ ዛንታኻን ስለምንታይ ክትከይድ ከም ዝነበረካን ንምግላጽ ኣገዳሲ ክሳብ ዝኾነ።
ፈተውተይን ቤተሰበይን ነዚ ሓበሬታ ንምርካብ ክሕግዙኒ ይኽእሉ እዮም።
እወ፣ ግን ንነብሶም ኣብ ሓደጋ ከእትዉ የብሎምን። ተወሳኺ ግዜ እንተድኣ ኣድልዩካ ነቶም ሓለፍቲ ንገሮም።
እቲ ሓበሬታ ውሳነ ንኽወስዱ እንተሓጊዝዎም ንቃለ መሕትትካ ዳግማይ መደብ ንክገብሩልካ ክውስኑ ይኽእሉ።
ሓደ ዓርከይ እቶም ሰበ-ስልጣን ንሕቶ ዑቕባኡ ከምዘይምርምሩዎ ነጊሮምዎ። ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ?
እቶም ሰበ-ስልጣን መጀመርያ ናይ ዑቕባ መመልከቲ ምፍታሽ የድልዮም ድዩ ኣይድልዮምን ይምርምሩ።



ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ሃገር ሓለዋ እንተረኺብካ ወይ ካብ ውሑስ ኢሎም ዝቖጽርዋ ሃገር እንተመጺእካ ከምኡ ከይገብሩ ይኽእሉ።
ASYLUM
ሚስተር ፍረድ፣ ሓደ ሰብ ክምልስ እንተደልዩ ግን ክምልስ እንተዘይክኢሉ'ኸ-ምናልባት ሰለ ዝፈርሐ ወይ'ውን እቶም ሕቶታት ኣዝዮም ውልቃዊ ሰለ ዝኾኑ?
እዚ ፍልይ ዝበለ ኩነታት እዩ። ሰባት ብሰንኪ ኣዝዩ ሕማቕ ተመክሮታት ካብ ዓዶም ይሃድሙ። ብዛዕባኡ ክትዛረብ ዘይምድላይ ባህርያዊ እዩ።
ሕጂ እውን እንተኾነ፣ ዋላ እኳ ዘሕዝን ወይ ዘሕፍር እንተኾነ፣ ብዝተኻእለካ መጠን ከተካፍል ፈትን። ዘሕፍር ነገር የለን። ክትዝክር ትሸገር እንተኽዕንካ ወይ እንታይ ከተካፍል ከም ዘለካ ርግጸኛ እንተዘይኮንካ ንገሮም።


እቲ ዘጋጠመካ ነገር ኣገዳሲ ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም መኮንናት ንከጸናንዑኻ ክፍትኑ እዮም። ቁሩብ ዕረፍቲ ክገብሩ ወይ ክትጽገም እንተርእዮም ንሓደ ሰብ ንክድግፈካ ክጽንበሩ ክሓቱ ይኽእሉ።
ኣብዚ ዝሰርሕ ኩሉ ሰብ ብኣኽብሮት ክሕዘካ ኣለዎ። እዚ እንተዘይኮይኑ ብወግዒ ጥርዓን ወይ ቅሬታ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ- ንሓደ እትኣምኖ ሰብ ክሕግዘካ ሕተት።
ናይ ሓደ መሓዛና ውልቃዊ ናይ ዑቕባ ቃለ መሕትት ደው ኣቢሎም ናብ ሓኪም ንክኸይድ ሓቲቶምዎ። ንምንታይ?
እህም... ዝርዝሩ እኳ ኣይፈልጥን’የ...
ሓደ ሓደ ግዜ፣ እቲ ሓላፊ እቲ ውጽኢት ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶ ክድግፍ ይኽእል እዩ ኢሉ እንተሓሲቡ ሓደ ሰብ ሕክምናዊ መርመራ ንክገብር ክሕተት ይኽእል እዩ።


ምናልባት እቲ ሰብ ቅድሚ ሕጂ ዘይተጠቕሰ ናይ ጥዕና ወይ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገም ኣለዎ እሞ ሕክምና የድልዮ ይኸውን። ከከም ውጽኢት ድማ ቀጻሊ ስጉምትታት ክውሰን እዩ።
እቶም ሓለፍቲ ነቲ መርመራ ክትገብር ትሰማማዕ እንተኾይንካ ክሓቱኻ እዮም። ከም ቆልዓ ወለድኻ ወይ ኣላዩኻ ክሳተፉ እዮም።
ASYLUM
እህም... ዑቕባ ከም ዝተዋህበኒን ከም ዘይተውሃበንን ከመይ ጌረ ይፈልጥ?
ድሕሪ እቲ ቃለ መሕትት፣ እቶም ሓለፍቲ ንኹሉ እቲ ሓበሬታ ብምግምጋም መመልከቲኻ ብዝምልከት ኣብ ውሳነ ክበጽሑ እዮም። ነቲ ውሳነ ዝገልጽ ደብዳበ ቅድሚ ምርካብካ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።
ተረዲኡኒ። ሰለዚ ድማ እዮም ነቲ ናይ ቀረባ እዋን ቁጽሪ ተሌፎነይን ኣድራሻይን ዝደለዩ፣ ምእንቲ ክረኽቡኒ።
ኣድራሻ
ኢመይል
ቴሌፎን


እወ! እቲ ውሳነ ኣወንታዊ እንተኾይኑ ሰባት ክጸንሑን ሓደ ዓይነት ሓለዋ ክረኽቡን ይኽእሉ።
እዚ ናይ ሰደተኛ ደረጃ ወይ ወረቐት ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ሓቀይ?
እወ! ...ወይ ንኡስ ደረጃ ሓለዋ።
ኣብ ክልቲኡ ኩነታት፣ ሓለዋ ክሳብ ዘድልየካ ኣብዚ ክትጸንሕ መንበሪ ፍቓድ ትረክብ። ጠበቓ ዝርዝር ሓበሬታ ክገልጸልካ ይኽእል እዩ።
ኣሉታዊ ውሳነ እንተመጺኡካ፣ ናብ ዓድኻ ወይ ናብታ ቅድሚ ሕጂ ዝነበርካላ ሃገር ክትምለስ ውሑስ’ዩ ተባሂሉ ስለዝተወሰነ ኣብዚ ክትጸንሕ ኣይትኽእልን ኢኻ።
ይግባይ
እንተዘይተሰማሚዕኩም ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ማለት ጉዳይኩም ዳግማይ ክረአ ምሕታት ማለት እዩ።


መሰርሕ ይግባይ ምባል ዝተሓላለኸ ድዩ?
ቁሩብ።
ቅጥዕታት ብኡንብኡ ክትመልእዎ ክትግደዱ ኢኹም። ሓገዝ ሕተት። ይግባይ ዳግመ ገምጋም ጥራይ እምበር ውሕስነት ሓለዋ ከምዘይኮነ እውን ኣይትረስዕ።
ኩልኹም ሕጂ ብጣዕሚ ደኺምኩም ትመስሉ ንሎሚ ኣብዚ ነጠቓልል።
ተወሳኺ ሓንቲ ሕቶ... መኮንናት ብዛዕባ ኣገባብ ዶብን ምምላስን ክዛረቡ ሰሚዐ ኣለኹ...
ASYLUM


እቲ ናይ ምምላስ ኣገባብ ነቶም ሃገሮም ውሑስ ተባሂላ ስለ እትሕሰብ እሞ ክምለሱ ዘለዎም ሰባት እዩ።
ገለ ሰባት ብፍቓዶም ክምለሱ እውን ይመርጹ ይኾኑ። ደገፍ ንምርካብ ነቶም ሓለፍቲ ምሕባር።
እቲ መሰርሕ ወይ ኣገባብ ዶብ ማለት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ብኣየር፣ ብመሬት ወይ ብባሕሪ ኣብ ዝበጻሕካሉ ቦታ ይምርመር ማለት እዩ።
ጉዳይካ ክሳብ ዝውሰን ኣብኡ ክትጸንሕ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ፣ ብናጽነት ድማ ክትንቀሳቐስ ኣይትኽእልን።
ምስ ስድራቤት ዝመጹ ህጻናት ኣብቲ ካብ 3 ክሳብ 4 ኣዋርሕ ዝጸንሕ መሰርሕ ወይ ኣገባብ ዶብ ክጸንሑ ይኽእሉ።
በይኖም ዝመጹ ህጻናት ናብ መሰርሕ ወይ ኣገባብ ዶብ ኣይኣትዉን እዮም፣ እንተኾነ ግን ውሑዳት ፍሉያት ኩነታት ኣለዉ።
ዝያዳ ንምፍላጥ ምስ ኣላዪኻ ተዘራረብ።


ሓንቲ ናይ መወዳእታ ሕቶ... ሓደ ቑልዓ ንእሽቶ ወይ ዓብዪ ንኽመስል ብዛዕባ ዕድሚኡ እንተ ሓሲዩኸ?
ኩሉ ግዜ ነቶም መኮንናት ሓቀኛ ዕድሜኻ ንገሮም። ጥርጣረ እንተሃልይዎም ድማ ናይ ዕድመ ገምጋም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።
ድሕሪ ምሳሕ ምስ ሚስ ኢነስ ብዛዕባ ገምጋም ዕድመ ክንዛተየሉ ኢና። ንስኻ ብዛዕባኡ ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ።
እወ መግቢ ንብላዕ፣ ከብደይ ይጉረምረም ኣሎ!
የቐንየለይ!
ገንዘብኩም! ኩልኹም ድሕሪ ምሳሕ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣእዋም ዘሎ ጠረጴዛ የራኽበና።
ASYLUM

# ኣገዳሲ

**ኣብዚ ሃገር ...**

ንዓይ ንምምዝጋብን ውልቃዊ ናይ ዑቕባ ቃለ መሕትተይ ንምውዳብን ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ:-

______________________________________________________________________

ናይ ኣላዪየይ ሽም:- ______________________________________________________

______________________________________________________________________

ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባ ዝያዳ ንምፍላጥን ንቓለ መሕትተይ ንምድላውን ምስ ጠበቓ ብዘይ ክፍሊት ክራኸብ እኽእል እየ።

ነዚ ድማ፣ ምስ ዝስዕብ ኣካል ክራኸብ ይኽእል እየ:- ___________________________________

______________________________________________________________________

ኣብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶይ ምስ ዝተዋህበ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዐ፣ ከመይ ጌረ ይግባይ ከም ዝገብር ምኽሪ ንምርካብ ምስ ኣላዪየይን ምስ ጠበቓን ክራኸብ እኽእል እየ።

ይግባይ ንምባል እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ:- ____________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

ከምቶም ሓለፍቲ፣ ኣማኸርቲ ሕጊ፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ወይ ኣላዪየይ ዝበሉ ኣብዚ ዝሰርሑ ሰባት ብሕማቕ ኣገባብ እንተ ሒዞምኒ፣ ጥርዓን ከቕርብን ምስ ዝስዕብ ኣካል ክራኸብን ይኽእል እየ:- ______________________________

______________________________________________________________________

ህጹጽ ኩነታት እንተጋጢሙ፣ ናብ ኣምቡላንስ ብ ______________________________ ወይ ንፖሊስ ብ ______________________________________________ ክረኽቦም እኽእል እየ።

IOM UN MIGRATION

ብወለንታ ናብ ዓደይ ክምለስ እንተደልየ፣ ኣላዪየይ ምስ ኣህጉራዊ ውድብ ስደተኛታት (International Organization for Migration፣ IOM) ንኽራኸብ ክሕግዘኒ እዩ:-

______________________________________________________________________

UNHCR The UN Refugee Agency

Tትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Refugee Agency፣ UNHCR)፣ ሕጋዊ ሕቶታት ምስ ዝህልወና ንዓይ ወይ ንስድራይ እውን ደገፍ ክህበና ይኽእል እዩ። UNHCR በዚ ዝስዕብ መገዲ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም:-

______________________________________________________________________

ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ:- _________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

# ሕቶታት

**ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ዘለኒ ፍልጠት ይፍትሽ ኣለኹ።**

✓ ኣብቲ ቅኑዕ መልሲ ምልክት ግበር።

1 ሰባት ኣህጉራዊ ሓለዋ ወይ ዑቕባ ዝሓቱ፣ ናብ ዓዶም ክምለሱ ስለ ዝፈርሑ፣ ኣብኡ ንሳቶም ወይ ስድርኦም ውሑስነት ስለዘይብሎም እዩ።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

2 ዑቕባ ካብ ዝሓተትኩሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 ክሳብ 8 መዓልቲታት እቶም ሰበ-ስልጣን ክምዝግቡኒ ኣለዎም። ኣብ ፍሉይ ኩነታት ክሳብ 2 ሰሙን ክወስድ ይኽእል እዩ።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

3 ዑቕባ ምስ ሓተትኩ ናብ ዝደለኽዎ ሃገር ክኸይድ እኽእል እየ።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

4 ኣብ እዋን ውልቃዊ ናይ ዑቕባ ቃለ መሕትተይ ምስቶም ሕቶታት ዝሓቱኒ ሓለፍቲ ብሓባር ምስራሕ ወይ ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ነገር እንተዘይዘኪረ፡ ኣይዝክሮን እየ ክብሎም እኽእል'የ።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

5 በይኖም ዝመጹ ህጻናት ናብ ኣገባብ ወይ መስርሕ ዶብ ኣይኣትዉን እዮም።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

6 ብዛዕባ ውልቃዊ ናይ ዑቕባ ቃለ-መጠይቕ ሕቶታት እንተሃልዩኒ፣ ንኣላዪየይ ወይ ንጠበቓ ክሓቶ እኽእል እየ። ደገፎም ብነጻ ዝቐርብ እዩ።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

7 ሓለፍቲ ኣብ እዋን ውልቃዊ ቃለ መሕትት ዑቕባ ዝእክብዎ ሓበሬታ ልክዕ ምዃኑ ምሳይ ከረጋግጹ እዮም ምእንቲ ዝኾነ ጌጋታት እንተልዩ ንክእርም።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

8 ንውልቃዊ ናይ ዑቕባ ቃለ መሕትተይ ቆጸራ ክሕሉ እንተዘይክኢለ ጸገም የብሉን።

- ◯ a. ሓቂ
- ◯ b. ሓሶት

# ሕቶታት

9 ኩሉ እቲ ዘለኒ ሰነዳት ዋላ ኣብ ቴለፎነይ ዘሎ ሰነዳት ስእሊ ጥራይ እንተኾነ ምስቶም ሓለፍቲ ምክፋል ጽቡቕ እዩ።

- a. ሓቂ
- b. ሓሶት

10 ድሕሪ ናይ ውልቃዊ ዑቕባ ቃለ መሕትት፣ እቶም ሓለፍቲ ንኹሉ እቲ ሓበሬታ ርእዮም ሓለዋ የድልየኒ ድዩ ኣይደልን ክውስኑ እዮም።

- a. ሓቂ
- b. ሓሶት

11 ምስ ውሳኔኦም እንተዘይተሰማሚዐ ምስ ኣላዪየይ ወይ ምስ ጠበቓ ተዘራሪበ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክብል እኽእል እየ።

- a. ሓቂ
- b. ሓሶት

## መልሲ ናይቶም ሕቶታት

ሕቶ 1: a; ሕቶ 2: a; ሕቶ 3: b; ሕቶ 4: a; ሕቶ 5: a; ሕቶ 6: a;
ሕቶ 7: a; ሕቶ 8: b; ሕቶ 9: a; ሕቶ 10: a; ሕቶ 11: a።

# መተሓሳሰቢ

## TIGRINYA

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ወይ ቡክሌት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ቡክሌት ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፣ እዚ ድማ ትሕዝቶ፣ ምሉእነት፣ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ ቡክሌት ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ቡክሌት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025

